# ሓድሽ መዓልታዊ ህይወተይ

## ምስ መንሽሮ እንታይ ይቕየር



ARFEC

Association Romande des Familles d'Enfants atteints d'un Cancer



# ሓድሽ መዓልታዊ ህይወተይ

## ምስ መንሽሮ እንታይ ይ�septር

ብኣኖክ ሜቪሎት ዝተፈጥረ ብሮሹር

ስእሊ፡ benohit

# ህይወት ምስ መንሸሮ(ካንሰር)

እቲ ናይ ሕክምና ጉጅለ,መንሸሮ ዝብሃል ሕማም ከም ዘሎካ ምስ ገለጹልካ፡ ሕክምናዊ ክንክን እንዳ ተኸታተልካ ከለኻ እዚ ዝስዕብ ለውጥታት ክትዕዘብ ትኽእል ።

## መዓልታዊ ህይወትካን ንጥፈታትካን

ሕክምናዊ ክንክን ንኽትረክብ ኣብ ሆስፒታል ግዜ ከተሕልፍ ኢኻ። ሓደ ሓደ ግዜ ንሓያሎ ተኸታተልቲ መዓልትታት ኣብኡ ኽትጸንሕን ኣብኡ ኽትድቅስን ኣሎካ። ሓደ እሙን፡ ብዕድመ እኹል መቕርብካ ምሳኻ ኺድግፈካን ከሰንየካን ይኽእል እዩ። ባምቡላ ወይ ካልእ መዘናግዒ እውን ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ንተወሳኺ መርመራን ኣገደስቲ መድሃኒትን ንምርካብ ዉን ናብ ሆስፒታል ክትከይድ ኢኻ፣ ድሕሪኡ ናብ ቤትካ ክትምለስ ትኽእል ኢኻ። ረስኒ እንተለካ፡ ውይ ዉን ኣካላትካ ካብ ደቀቕቲ ታህዋስያን (ጀርምታት) ንገዛእ ርእሱ ኪከላኸል ኣብ ዘይክእለሉ ግዜ፡ ዋላ እውን  ካብ ቆጸራ ወጻኢ ብቕጥታ ናብ ሆስፒታል ክትከይድ ኣሎካ።




benohit


benohit

# ስምዒትካ

ምናልባት ሕማም ከም ዘሎካ ስለ ዝተነገርካ ብዙሕ ናይ ፍርሂ፡ቍጥዐን ጓሂን ስምዒታት ይስምዓካ ነይሩ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት ዉን ዝተሓዋወሰ ስምዒት ኪኸውን ይኽእል ። እዚ ንቡር ኩነታት እዩ። ኩሉ ግዜ ነዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሓደስቲ ለውጥታት ምልማድ ቀሊል ኣይኮነን። እንታይ ከም ዝስመዓካ ወይ ከመይ ከም ዚስምዓካ ንካልኦት ምክፋል ሓጋዝን ኣገዳሲን እዩ። ንኣብነት ምስ ወለድኻ ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤትካ ምስ እትኣምኖ ዓቢ ሰብ ወይ ከኣ ምናልባት ምስ ከማኻ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘሕልፍ ዘሎ ቈልዓ ብምዝርራብ ኽትገብሮ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ ሕክምና ጕጅለ እውን ክድግፈካ ይኽእል እዩ። ንቈልዑ ኣብ ጸገማቶም ዚሕግዙ ክኢላታት ኣለዉ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ወይ ሳይክያትሪስት ድማ ይበሃሉ።




benohit

## ሰብነትካ

ሕክምናኣዊ ክንክናት ንኣካላትካ ቆንጢብ ኪቕይሮ ይኽእል እዩ። መጥባሕቲ እንተ ኣጋጢሙካ ኣብ ቈርበትካ ምልክት ኪተርፍ ይኽእል እዩ። እዚ በሰላ ይብሃል። ገለ ገለ መድሃኒታት ከኣ ጸጕር ርእስኻ ፡ሸፋሽፍቲን ጸጕሪ ቅርኒብ የዒንትኻን ከም ዝረግፍ ኪገብር ይኽእል ። እዚ ግን ሕክምናኣዊ ክንክንካ ምስ ወዳእካ እንደገና ክበቅል እዩ። ካልእ መድሃኒታት ዉን ብዙሕ ከይትበልዕ ወይ ሸውሃትካ ከጥፍኣልካ ይኽእል እዩ። ኵሉ ሳዕ ሓድሽ መድሃኒት ክትወስድ ከለኻ እንታይ ኪጋጥም ከም ዚኽእል ሓካይም ክገልጹልካ እዮም። ንስኻ ዉን ብወገንካ ንዘይበርሃልካ ካብ ምሕታትን ንዝስመዓካ ካብ ምሕባርን ድሕር ኣይትበል።







## ኣብ ቤት ትምህርቲ

ሓካይም ምእንቲ ክሕክሙኻ ኣብ ሆስፒታል ብዙሕ ግዜ ስለ እተሕልፍ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓድሓደ እዋን ካብዚ ኣብ ሕክምና ተሕልፎ ግዜ ወጻኢ ከኣ ድኻም ስለ ዝስመዓካ ናብ ትምህርቲ ኽትከይድ ኣይትኽእልን ስለዚ ኣብ ገዛኻ ክትህሉ ኣለካ። እዚ ዉን ንቡር ተርእዮ እዩ።

ኣብ ሆስፒታል ንነዊሕ እዋን ክትጸንሕ እንተ ኣድልዩካ፡ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ መምህራን ዘለዎ ቤት ትምህርቲ ኣሎ። ወይ ዉን ኣብ ገዛኻ ኮንካ ትምህርትኻ ክትከትተል ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት ብሓገዝ ማሕበራት ክህቡኻ ዝኽእሉ ፍሉያት ሮቦት ትምህርትኻ ክትከታተል ትኽእል ። ንመማህርትኻ ኽትናፍቖም ከለኻ ድማ ደብዳበታት ወይ ስእልታት ክትሰድደሎም ትኽእል ኢኻ። ንሶም ከኣ ተሓጒሶም ክምልሱልካ እዮም።





## ስድራ ቤትካ

ኣብ ሆስፒታል ኣብ እትኸደሉ እዋን፡ ስድራ ቤትካን ፈተውትኻን ኪበጽሑኻ ይኽእሉ እዮም። እዚ ግን ምሉእ ጥዕና ምስ ዝህልዎም እዩ። ንኣብነት ጉንፋዕ ፡ሰዓል ካልኦት ሕማማትን ምስ ዝህልዎም ክሳዕ ዝሓውዩ ክጽበዩ ይግባእ። እንተ ደሊኻ ክትድውለሎም ትኽእል ኢኻ። እንስሳታት እንተለዉኻ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ቤትካ ኮንካ ኢኻ ኽትከናኸኖምን ምስኦም ግዜ ኸተሕልፍን ትኽእል።




benoit

## ናይ ትርፊ ግዜኻ ዝምባለ ወይ ልምድታት(Hobbies)

ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ዝምባለ ወይ ልምድታት እንተ ሃልዩካ ኣካላትካ ኣብ ዝደልደለሉ እዋን ክትቅጽሎም ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ኣብ ገሊኡ ጎነጽን ምድፍፋእን ዘለዎ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ካልኦት ምንቅስቃስን ክትሳተፍ  ቀ'ሩብ ክትጽበ ኣሎካ። ብእተኻእለካ መጠን ነቲ እትፈትዎ ነገር ምግባር ኣገዳሲ እዩ። እዚ ምስ የዕሩኽትኻ ኽም እትራኸብን ጽቡቕ ከም ዚስምዓካን ኪገብረካ እዩ። ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ክትከዶ እትኽእል ንቼልዑ እተዳለወ ትምህርትን ብዙሕ ተወሰኽቲ ንጥፈታትን ዘለዎ ቦታን እውን ኣሎ።





## ንሕና ንዓኻትኩም ኢና መጺእና ዘለና

ኣብ ብምሉኡ እቲ እትገብሮ ሕክምና ካብ ናይ ሕክምና ጒጅለ፡ ካብ ስድራ ቤትካ፡ ካብ ፈተውትኻን የዕሩኽትኻን ከምኡውን ካብ ARFEC ዝበሃል ማሕበር (ውላዶም መንሽሮ ዘለዎ ስድራቤታት፡ ኣብ እዋን ሕክምናን ድሕሪ ሕክምናን ዝድግፍ ማሕበር) ፥ዝሓቖፈ ሓገዝን ደገፍን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እንታይ ከም ዚስምዓካ ኻብ ምንጋር ድሕር ኣይትበል ዝኾነ ይኹን ሕቶ ድማ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።




ARFEC
benohit



# ምስጋና

ከም ኣካል ናይቲ መጽናዕታዊ-ፕሮጀክት፡ ነቶም መንሽሮ ኸም ዘለዎም እተፈልጠ ቈልዑ ዚኸውን ንእሽቶ ጽሑፍ ናይ ምድላው ሓሳብ ነይሩኒ። ኣገዳስነቱ ብፍሉይ ነቶም ግድያት እዚ ሕማም ዝኾኑ ዉልቀ-ሰባት፡ ማለት ነቶም በዚ ሕማም(መንሽሮ) እተጠቕዑ ቆልዑን ጽልውኡ ዝበጽሖም ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ መቕርቦምን ቀሊልን ንጹርን ዝኾነ ሓበሬታ ክዳሎ ኣገዳሲ ኾይኑ ተሰምዓኒ።

ሓያሎ በዚ ሕማም እተጠቕዑ ቈልዑ እውን ነቲ ጽሑፋት ኣብ ምጽሓፍ ሓጊዞምኒ እዮም። ንስለ ኩሉ ምትሕብባሮም ከኣ የመስግን። ሳላ እቲ ደጊሞም ነቲ ጽሑፍ ኣምቢቦም ዝሃቡኒ መኣረምታን ዘቕረብዎ ሓሳባትን፡ ካብ ርድኢቶምን ኣራኣእዮኦምን ተበጊሰ እየ ከኣ ነቲ ዘገድሶም ፍረ ነገር ክርድኦ ዝከኣልኩ። ንፌሊክስን ኤሊያን ኤሎዲን ስለቲ ዝገበርዎ ጠቓሚ ኣበርክቶን፡ ነዚ ፕሮጀክት ዕዉት ክኸዉን ዝኸፈልዎ ግዜን ብዙሕ የመስግኖም። ነታ ነዚ ስራሕ ክሰርሕ ዝጸለወትኒን ዘተባብዓትንን ኖኤሊ ጓለይ እውን የመስግነኪ።

እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ብገንዘባውን ንዋታዉን ደገፍ ማሕበር romande des familles d'enfants atteints d'un cancer (ARFEC) ከምኡውን ብቤት ሕትመት Groux እያ ተዳልያ። ናይ ገበር ሰኣላይ ንቤኖይ ሽሚድ እውን የመስግን።

ንኹላትኩም ወለድን ቈልዑን፡ጉዕዞ ናይቲ ሕክምናዊ ክንክን መንሽሮ ትጅምሩ ዘለኹም፡ብርተዐን ትብዓትን ይምነየልኩም ።

ኣኑክ ሜቪሎ (Anouk Mévillot)

ሕትመት፡ 500 ቅዳሓት ዝሓዘ ሕትመት፡ ጥቅምቲ 2026
ግንዛበ፥ Groux arts graphiques, 1052 Le Mont-sur-Lausanne

መንሸሮ ኣብ ዝገጥመካሉ እዋን፡ በይንኻ ኣይኮንካን: እዛ ብሮሹር እዚኣ ነቲ ለውጢ ንምርዳእን ስምዒታትካ ንምምሕዳርን ክሕግዘካ እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምትን መልሲ ናይቶም ብርግጽ ንኣብስኻ ትሓቶም ዘለኻ ሕቶታትን ክትድግፈካ ኣብኡ እትህሉ ጋንታ ክትረክብ ኢኻ።



© ኩሉ መሰላት ዝተሓለወ እዩ።

www.cancer-pediatrique.ch

ነታ ብሮሹር ብፈረንሳ ወይ ብኻልእ ቛንቋ ንምውራድ።